# ኢሰያስ ጸጋይ ደራሲ ዘያሚ ገጣማይ መራሒ ኣሳያይ!

ኣቱም ተስተውዕሉ ኵሉ ተስተብህሉ፤  ዓገብ'ባ በሉ! ተዘሚትና ዘይትብሉ!
መዘና ዘይብሉ ፈላስፋ እኳ'ዩ ተኸዊሉ! ንዕምቈት ሓንጐሉ ሕመረቱ ኣመሉ፤
ዘይትፈልጡ ኵሉ ሰብ'ዩ ኣይትበሉ።  ጽንዓቱ መትከሉ መምዘኒ'ኳ ዘይብሉ።
ብልሓቱ ምብሳሉ ሰማያት ተሰቒሉ።  ጥበባቱ ምኽኣሉ ዘይውዳእ ፈልፊሉ።
ንሓፋሽ ወኪሉ ኣብ ግንባር ውዒሉ፤  ተወጊኡ ሰንኪሉ እግሪ'ኳ ዘይብሉ፤
ዕጽፍ ዝርግሐ ኢሉ ይጐዪ ዘዘሊሉ።  ደኺመ ዘይኣመሉ ንሽዊት መልሚሉ።
ፊልምታት ፈልፊሉ ደርፍታት ፈቲሉ። ፍጹም ከይተዓለናሉ የለኹን ኣቢሉ።
ናብቶም ሰብ መትከሉ ኪሕወስ ነቒሉ። ስነጥበባዊና ኣእኪሉ ተፋንዩ ንኹሉ።
ብርሃኑ ከዊሉ ኮኾብና ቻው! ኢሉ።   ተዋሳኢ ተጸሊሉ ሽም ንህቡ ጐዲሉ።
ደራፊ ኣዕወልዊሉ መጋቢኡ ጐዲሉ፤  ድንድል ተሰይሩና የለን እንድዒሉ፤
ውኖና ኣንጠልጢሉ ልብና ተኸፊሉ።  ከምቲ ስሙ ባዕሉ ንነብይ መሲሉ።
ኢሰያስ ኢሉ ነጊሩና እንድዩ ባዕሉ!   ኣርእዩና'ውን ኵሉ ሓድነት መትከሉ።
ትንቢት ኣምሲሉ ሓቂንድ'ዩ መሲ'ሉ፤  ጸላኢና ሓሊሙ ናብ ጸድፊ ምዝላሉ።
መርምርዎስ'ከ በሉ ዝወረቐ ከይህሉ። ብዛዕባ ዝሓለመሉ ንመን ሓደራ ኢሉ?
ንመጻኢ ዝሓሰበሉ ግድን'ዩ ኪህሉ።  ኢሰያስ ጸጋይ ባዕሉ ሓንጎሉ ዝሓይሉ፤
መደቡ ዕላሉ ኣብ ጅምር እንዳኣሉ፤ 'ተዝቐጽል 'ተዝኾነሉ ስምዒቱ ገንጺሉ፤
ብኖቤል ኣቢሉ ንዓለም መምሃረሉ።  መን'ሞ ኪፈልጠሉ ኣብዛ ዓለም ኣሉ?
ነብይ ነይሩ ባዕሉ መዘና ዘይብሉ።   ሕጂ ግን ሃሰስ በሉ ፈትሹዎ ንፋይሉ፤
ንመን ሓደራ ኢሉ ንመንከ ኣጣሊሉ?  ኣኣብ ዘለኹምሉ ግድን ኣሰሩ ኪህሉ።

ዘል ኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስውኣትና !

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ !

መትከል ኣስመሮም ሽወደን።